# ዘንታ
# በረኸት



TELLING THE REAL STORY

UNHCR
The UN Refugee Agency

እዛ መጽሓፍ እዚ’ኣ፡ ብኣባላት ምዝንታው ሓቀኛ ታሪኽ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ናይ ማሕበረ ሰብ መድረኽ ዝተሰነዱን ዝቐረቡን ሓቀኛ ዛንታታት ኤርትራውያንን ሶማልያውያን ስደተኛታት፡ ሓተቲ ዑቕባ፡ ከም’ኡ ድማ ዑቕባ ንምርካብ ዘኸድዎ ጉዕዞን እተዘንቱ ኣብ ሓቂ ዝተመርኮሰት መጽሓፍ እያ።

ዕላማ ናይ’ዛ መጽሓፍ እዚ’ኣ፡ ኣብ ምጅማር ጉዕዞ ንዝርከቡ ንኣሸቱ መንእሰያት ቅኑዕን ሓቀኛ ስእልን ብዛዕባ እቶም ሓደገኛታት ጉዕዞ ንምሕባር እዩ። ኣብ’ዚ ትረኽብዎም ሓበሬታታት፡ ኣፍልጦ ዘለዎን ብገዛእ ርእስኹምን ውሳኔታት ንኽትወስዱ ዝሕግዘኩም ክኸውን ተስፋ ንገብር።

*www.tellingtherealstory.org*

ብ UNHCR ዝተሓትመ:  ማሕበር ስደተኛታት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ 2022

ጽሒፈት መሰል ደራሲ©UNHCR 2022
ስእሊመሰል ደራሲ©ጄኒ ኾይዲን 2022

www.unhcr.org

# ዛንታ በረኽት

ደረስቲ: መሳይ ዓሊ, ክርስታ ኦዲንጋ- ስቬንስቶን
ስእሊ: ጄኒ ኾይዲን

ስመይ በረኸት ይበሃል፤ ውዲ 13 ዓመት እየ።
መዓልታዊ ንኣድይ ወላዲተይ ይናፍቃ።






“ይፈትወኪየ ኣደይ” ዝበል ውቃጦ ኣብ ኢደይ ኣለኒ። ወላካ ተፈላሊና ንነበር ወትሩ ኣብውሽጠይ ኣላ።

ንእሽቶይ እንከለኹ፡ ኣብ ኤርትራ ምስ ወለደይን ኣሕዋተይን እቑመጥ ነይረ።



ብድሕሪኡ ኣቦይ ምስሞተ ኩሉ ነገር እንዳተቀየረ መጺኡ።

ምስ ኣኮይ ክንነብር ተገደድና። እኩይ ሰብ እዩ ነይሩ። ንኣደይ ይወቕዓን ይጭድረላን ነበረ። ቡዙሕውን የሕሪቑኒ ምኽንያቱም ኣደይ ብርኽቲን ሕያወይቲ እያ።



ከመይ ጌራ ተኣልየና ከምዝነበረት ክሳብ ሀጂ ክርስዖ ኣይከኣልኩን። ንኣደይ ክሕግዛ ይደልይ ።
ኣብ ርሑቕ ዝበለ ቦታ ናብራ ክምስርት እንተዝኽእል፤ ነደይ ምሳይ ክትነቢር መምጻኽዋ። ከምኡውን ዝኾነ ሰብ  ዳግማይ ክጎድኣ ኣይምኽአለን።



ስለዚ ክኸይድ ወሲነ። ወዲ 8 ዓመትየ  ኔረ።

ብዙሓት ዝፈልጦም ሰባት ሓገዝ ደልዮም ናብ መዓስከር ስደተኛታት ተጓዒዞም እዮም ። ነዊሕ መገዲ ስለ ዝነበረ ለይቲ ካብ ኣራዊት እፈርህ ነበርኩ።



ኣብኡ ምስ በጻሕኩ ኣዝየ ፈራህኩ ጽምዋ ድማ ተሰምዓኒ። ዓብዪ ቦታ እዩ ነይሩ ። እንተኾነ ግን ብዙሓት ካልኦት ቈልዑ ኔሮም፤ ካብኦም ምስ ቢስራትን ምሕረት ዚበሃላ ኽልተ ኣዋልድ ምሕዝና ገረ። ሓደ መዓልቲ ስድራቤትና ዳግማይ ከምይ ከምንራኽብን ከምንረአለ ድማ ተዘራረብና ።



”የፍቅረኪ’የ ኣደይ” ዝብል ውቃጦ ተወቂጠ።
ሓደ መዓልቲ እንደገና ኽም ዝርእያን፡ ዝረኽባን ኣሚነ፡ ሕጉሳት ክንከውንውን ምስ ብስራትን ምሕረትን ተመባጺዐ።

ኣብ’ቲ መዓስከር ክልተ ዓመት ድሕሪ ምቕማጠይ፡ ሓደ ኣቐዲሙ ኣብቲ መዓስከር ዓርከይ ዝነበረ ደዊሉለይ።
ናብ ሊብያ ክኸይድ ድማ ለሚኑኒ፡ ናብ ኤውሮጳ ክስደኒ ዝኽእል ሰብ ከምዝሎ ሓቢሩኒ። ኣቲ ዘሰጋግረና ስብኣይ ጥዑይ ኢዩ ጽቡቕ ገሩ ኽከናኽነና’ዩ ኢሉኒ። ኣብቲ መዓስከር ደሓን ከምዝነበርኩ ነጊረዮ፤ዓርከይ ግን ዕሽነት ከም ዝኾንኩን ንኣደይ ክሕግዛ ኣጋጣሚ ኽም ዝረኸብኩን ነገረኒ። እንኮ ተስፋይ እዚ ምዃኑ ነገረኒ ። ኣዝዩ ዜእምን እዩ ኔሩ ።



ምኽሪ የዕሩኽትይ ክሰምዕ ወሲነይ። ብስራትን ምሕረትን ምሳይ ክጋዓዛ ወሲነን። ክንደይ ግዜ ከምዝወስድን ክሳብ ክንደይ ሓደገኛ ከምዝኾውን ኣይፈለጥናን። ንነዊሕ መዓልታት ተጋዒዝና።



ሽዕኡ ሓንቲ መኪና መጺኣ። ብሓይሊ ናብታ መኪና ክንስቀል ገዲዶምና። ናብ ሓደ ገዛ ድማ ወሲዶምና። ኣብቲ ገዛ ንክልተ ሰሙን ዓጺዮምና።እቶም ሰባት ሕያዎት ኣይነበሩን፤ ይቐጥቅጡና ድማ ነይሮም።

ተወሰኽቲ መካይን መጽየን። ጽቅጥቅጥ ብዝበለ ኩነታት ናብ ካልእ ቦታ ወሲዶምና። ምስትንፋስ ስኢና።

ከም ዝቀትሉና ኣፈራርሁና። ስሩዕ መግቢ ኣይነበረናን።
እቲ ዝነበርናዮ ቦታ ኣዚዩ ረሳሕ ስለ ዝነበር ናይ ቆርበት ህማም ሒዙኒ።



ብተደጋጋሚ ኣብ ጉዕዞ  ነበርና ።

ኣብ ህይወተይ ከምዚ ፈሪሔ ኣይፈልጥን እየ! ከይንቖጥቀጥ ወትሩ ንፈርህ ነበርና ። ዝያዳ ብዝኸድና ድማ ነቶም እነፍቅሮም ሰባት ደጊም ንርእዮም ዶ’ ንኸውን ኢልና ንጭነቅ ኔርና።



ኣብ ምድሪ በጥ ኣቢሎም ብተደጋጋሚ ቀጥቂጦምና።

ካብ መዓስከር ስደተኛታ ምውጻአይ ኣጣዐሰኒ።
ንዕሩኽተይ ምስማዐይ ኣጣዒሱኒ።

ክፈርሐ ከለኹ፣ ነታ ውቃጦ ኣብ ኢደይ ደርእያ እሞ ንኣደይን ንፍሽኽተኣን እዝክር።
ተስፋ ድማ ትህበኒ።



ድሕሪ ብዙሕ ምስግጋር ናብ ሊብያ በጻሕና።

ዓርከይ ግና ሓሶት ሓበረታ ሂቡና፡ ዝሕግዘና ሰብ ኣይነበረን።ምስ ቡዙሓት ኣማኢት ሰባት ሓዊሶም ፤ኣብ ሑቡእ መሰጋገሪ ቦታ ዳጊኖምና። ምስ ዕዳጋ ደቒ ሰብ ዚመሳሰል እዩ ነይሩ ።

ትንፋስ ስኢና፤ እቲ ቦታ ድማ ጸልማት እዩ ነይሩ። ከንቀሳቐስ ዘኽእል ቦታ እውን ኣይነበሮን።



መግቢ ሓንቲ ግዜ ኣብ መዓልቲ ይህቡና ኔሮም። ሰልዲ ክንከፍልውን ሓቲቶምና። ነቶም ክኸፍሉ ዘይክኣሉ ድማ የሳቕይዎም ነይሮም። ካልኦት ክቅጥቀጡ ከለዉ ኣውያት ንሰምዕ ኔርና።

ሓደ መዓልቲ ሓደ ሰብኣይ ከሃድም ፈቲኑ ተታሒዙ። ኣብ ቅድሜና ቀጥቂጦሞ። እቲ ዝረኣኹዎ ንመላእ ህይወተይ ኣብ ኣእምሮይ ተቐሪጹ ‘ሎ።

ብጣዕሚ ርዒደ ነይረ። ስመይ ከይጽዋዕውን ፈራሕኩ። ስድራ ቤተይ ሰልዲ ከምዘይብሎም ርግጸኛ ኔረይ።



ንድሕነት ህይወተይ ይፈርሐ ነይረ።
ብተደጋጋሚ ነደይ ዘኪረ።
ኣደይ ንኽሃድም ኒሕን ሓቦን ኰይናትኒ።
ሓደ ለይቲ ምስ እዕሩኽተይ ናብ ሸቓቕ
እናተንፋሓኹና ኬድና። በታ ንእሽቶይ መስኮት
ድማ ሞሊቕና።



ሓንቲ ካብተን መሓዙተይ ብስራት ግና፡ በቶም ዋርድያታት
ተታሒዛ። ንድሕሪት ድማ ጎቲቶማ። እንተ ሒዞምና
ከምዘይምሕሩና ንፈልጥ ነይርና።



ኣብ’ቲ ጒዕዞና ሓንቲ ለዋህ ዝመሰለት ሰብይቲ ኣብ ገዛኣ ሓቢኣትና።
ሰብኣያ ግን ምስ ረኣየና ፖሊስ ጸዊዑልና።



ፖሊስ ድማ ንግሆ መጺኦም ናብ ከተማ ትሪፖሊ ናብ ቤት ማእሰርቲ ወሲዶምና።

መሊሶም ኣብ ጸልማትን; ሰብ ዝበዝሖን; ዘይውሑስ ቦታ ወሲዶምና። ኣብዚ ቦታ ኻብ እንጸንሕ ኣዋርሕ ሓሊፉ ኣሎ። ንኸንደይ ዚኣክል ግዜ ኸም ዜገድዱና ድማ ኣይፈልጥን እየ።



ሓደስቲ ሰባት ወትሩ ናብቲ ማእሰርቲ ይመጹ እዮም። ሎሚ ብሃንደበት ሓደ ዝፈልጦ ሰብ ናብ ማዕጾ ክመጽእ ከሎ ረኣኹ ።

ብስራት!

ድሕሪ እዚ ኹሉ ኣዋርሕ እንደገና ተራኺብና ።
ንሓድሕድና ኽንራኸብ ብምኽኣልና ኣዚና ኢና ተሓጐስና ።



ብስራት ረሲሓን፤ ነብሳ ናይቲ ዝተቀጥቀጠቶ በሰላ መሊኡ። እቶም ዋርድያታት ምስ ሓዝዋ ዘጋጠማ ኹሉ ሽግራት ነገረትና ።



እቶም ዘይሕጋዊያን ነጋዶ ደቂሰባት ብዙሕ ገንዘብ ጠለቡ። ንስድራ ቤታ ኽም እትድውለሎም ድማ ገበሩ። ግና እኹል ሰልዲ ስለ ዘይነበሮም ዕዳኣ ንምኽፋል ኣብ ሕርሻ ኽትሰርሕ ተገደደት። ነቶም እንስሳታት ንምክንኻን ንነዊሕ ሰዓታት ትሰርሕ ነበረት ። ማዓልታዊ ትናፍቀናን ዳግማይ ክንራኸብ ትምኒ ነበረት ።

ብስራት ካልእ ጕጅለ ሰባት ናብቲ ማሕረስ ምስ መጹ፤ ናብኣቶም ተሸይጣ። ናብ እንዳ ሓደ ሰምሳሪ ድማ ወሲዶማ። ኣብኡውን ድማ ለይትን መዓልትን ብኣማእታት ንዚቌጸሩ ሰባት ተጽርን መግቢትኽሽንን ነበረት ።

ሓደ መዓልቲ ኣብ ክሽነ ነተጕቲ ተፈንጂሩ። እቲ ትኪ ምስ ነደደ ክልተ ኣዋልድ ኣብ ባይታ ወዲቀን ረኣየት። ብስራት ክሳብ ሎሚ የዒንታ ክትዕመት ከላ፤እቲ ኣውያትን እቲ ዝነድድ ዝነበራ ሰባት እዩ ይራኣያ። በታ መዓልቲ ኣብቲ ከባቢ ሓዊ ብዘይምጽናሓ፤ ኣዚዩ እፎይታ ይስማዓ።



ምእንቲ ኽትድሕን መዓልታዊ ትጽሊ ነበረት። ድሕሪኡ ሰባት በቲ ሓደገኛ ቫይረስ ኪሓምሙ ጀሚሮም። ሃገራት እቲ ሕማም ምእንቲ ኸይላባዕ ዶባተን ይዓጽዋ ነበራ ። ስምሰርቲውን ንሰባት ብሓንሳእ ኣብ ጐደናታት ኣውጺኦም ኪድርብዮም ጀመሩ። ንብስራት ግና ክትከይድ ኣይፈቐዱላን። ምስ ካልኦት ኣዋልድ ናብ ዓብዪ ቪላ ወሲዶማ።

ሓደ ኻብቶም ሰብኡት ደስ ዘብል ክዳውንቲ ኣምጺኡ ተከደና ኢልወን።።። ቢስራት ኣዝያ ፈሪሓ። ናብ ማካይን ኣእትዮም ናብ ሓንቲ ኣብ ምድረ በዳ እትርከብ ገዛ ኣእተውዎም። ንኹለን ብሰንሰለት ኣሲሮም ናብ ኣሰብኡት ዝመሎ ኽፍሊን ኣውያት ብዝበዘሖ የእቲዮመን።



ብስራት ሓሚማ። ናብቲ ዝለዓለ ዋጋ ዘውጽእ ዕዳጋ ኽትሸየጥ ቀሪባ ኔራ።

ሃንደበት ቶኽሲ ኣብደገ ሰሚያም። ኣዚዮምውን ፈሪሖም። ኣብዚ’ዶ ይመወት ይኸውን? ኢላ እናሓሰበት፡ ወተሃደራት ምስ መጹ ብስራት ክትኣምን ኣይከኣለትን እፎይታውን ተሰሚዕዋ።

ድሕሪኡ ናብቲ ኣብ ትሪፖሊ ዝርከብ ቤት ማእሰርቲ ኣምጽእዋ።



ኣብመዋዳእታ ተራኺብናን ተኣኻኺብና። ድሕሪ ደጊም ከይንፈላለ ተሰፋ ንገብር።

ናይ መጻኢ ኩነታት ከመይ ከምዝኸውን ኣይንፈልጥን ኢና። እቲ ዘለናዮ ኩነተታ ሕጂ ጽቡቅ ኣይኮነን። ሰባይ ዝቀጥቀጡኦን ተጸቃቂጥካ ትነብረሉ ቦታ እዩ።

ካብ ሓደጋ ኸም ዘይወጻእና ኹይኑ እዩ ዚስምዓና። ኣብዚ እዋን ንሓድሕድና ትብዓት ጥራይ ኢና ክንወሃሃብ ንኽእል።

